# መደብ ቶፕ [TOP]

## ድሕሪ መዓልቱ-ዘይኣኸለ ሕርሲ ኣብ ገዛ ምእላይ

> "ንቆልዓና ጥራይ ኣይነበረን፣ ከምዝረኣኽዎ ንዓይ ንባዕለይ እውን ኣዝዩ ሓጋዚ ነይሩ።"

### ንመን?
መደብ ቶፕ [TOP] ካብ 32 ሳምንታት ንታሕቲ ኣብ ዘሎ እዋን ጥንሲ ንዝተወልዱ ሕጻናት ን/ወይ ክውለዱ እንከለዉ ካብ 1500 ግራም ንታሕቲ ክብደት ንዘለዎም ቆልዑትን ወለዶምን ዝዓለመ እዩ።

### ንምንታይ?
እንተድኣ መዓልቱ-ከይኣኸለ ዝተወልደ ቆልዓ ሒዝኪ ናብ ገዛ ክትከዲ ተፈቒዱልኪ፣ እዚ ፍሉይን መብዛሕትኡ ግዜ ዘሻቕልን እዩ። ኣብ ገዛ ዕረፍቲ ምውሳድ መብዛሕትኡ ግዜ ጽቡቕ እዩ። ናይ ቆልዓኺ ጠባይ ሓደ ሓደ ግዜ ካብቲ ኣብ ሆስፒታል እንከለኺ ዝለመድክዮ ፍልይ ክብል ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ንቡር ነገራት፣ ከም በዓል ክንክን፣ ድቃስን ርክብ ምምስራትን ዝኣመሰሉ ሕቶታት ክህልወኪ ይኽእል እዩ።

ብምኽንያት መዓልቱ-ዘይኣኸለ ሕርሲ፣ ኣቓልቦ ዘለዎ ጸወታ ወይ ንኣብነት ፍሑኽ ምባል ንምምሃር፣ ካብቶም ኣብ መዓልቶም ዝተወልዱ ቆልዑት ንላዕሊ ዝያዳ በዳሂ ማለት ኣጸገምቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ንሕና ምሳኺ ብሓባር ብምኳን፣ ንድሌታትን ተኽእሎታትን ናይ ቆልዓኺ ንርእዮ። ኣብቲ እዋን ንቆልዓኺ ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት፣ ንስኺ ብኸመይ ክትሕግዝዮ ከም እትኽእሊ ንሕና ንርኢ። ምኽንያቱ ንስኺ ከም ወላዲት መጠን፣ ኣብ ህይወት ናይ ቆልዓኺ እታ ኣዝያ ኣገዳሲት ዝኾነት ሰብ ስለዝኾንኪ።

### መደብ ቶፕ [TOP] እንታይ እዩ?
ኣብ መደብ ቶፕ፣ ንስኻትኩም ብናይ ቶፕ ፊዝዮተራፒስት-ቆልዑት ከም እትምርሑ ይግበር። ንሱ ምሳኻትኩም ብሓባር ንቆልዓኹም ይርእዮን ሕቶታትኩም ይዘራረበሎምን። ንሱ/ንሳ ናይ ቆልዓኹም „ኣካላዊ ቋንቋ" ንኸተለልይዮ ይ(ት)ሕግዘኪ። ከምኡ እውን ንኣብነት ጠባይ፣ ምንቅስቓስን ናይ ገጽ ምልክታት-ስምዒታት ናይ ቆልዓኺ እንታይ ማለት ክኸውን ከምዝኽእል ይገልጸልኪ/ትገልጸልኪ።

ኣብቲ መጀመርታ ዓመት፣ ቆልዓኺ ንኹሎም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ነገራት ንምድህሳስ ህንጡይ ይኸውን። ንቆልዓኺ ብኸመይ ክትሕግዝዮ ከም እትኽእልን፣ ኣብ ምዕባለኡ ዝቕጽል ምዕራፍ ብኸመይ ክትድግፍዮ ከም እትኽእልን ብሓባር ሜላ ክትደልዩ ኢኺ። ብኸምዚ ንስኻትኩም ቀጻሊ ነንሓሕድኩም ክትላለዩ ትኽእሉ፣ እዚ ኸኣ ርእሰ-ምትእምማን ይህብ።

ድሕሪ እቲ ኹሉ ዘሕለፍዎ፣ ብዙሓት መዓልቱ-ከይኣኸለ ዝተወልደ ሕጻን ዘለዎም ወለዲ ይደኽሙ፣ ከምኡ እውን ሻቕሎት ይስምዖም። እቲ ክንክንን ሓላፍነትን ናይ ቆልዓኺ ሓደ ሓደ ግዜ ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ቶፕ ፊዝዮተራፒስት-ቆልዑት ብዛዕባ እዚ እውን ክሕግዝ ይኽእል እዩ።

### እዋን-መስርሕ
እቲ መደብ ቶፕ ቆልዓኺ ካብ ሆስፒታል ናብ ገዛ ምስ መጽአ ይጅምር፣ ከምኡ እውን ክሳብ ዝተኣረመ ዕድመ 1 ዓመት ይጸንሕ።

ኣብዚ ዓመት እዚ እቲ ፊዝዮተራፒስት ናብ ገዛኹም 12 ግዜ ይመጽእ። እቶም ናብ ገዛ ናይ ምብጻሕ እዋናት ብማእከላይ ገምጋም 1 ግዜ ኣብ ወርሒ ዝካየዱ እዮም፣ እንተኾነ ግን ኣብቲ ናይ ምጅማር እዋን ብዙሕ ግዜ ክካየዱ እውን ይኽእሉ እዮም።

ፊዝዮተራፒስት ናይ ቶፕ ምስ ካልኦት ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ዝምልከቶም ወሃብቲ ክንክንን ሆስፒታልን ብቀረባ ብሓባር ይሰርሕ። እንተድኣ ኣድላዪ ኮይኑ፣ ንሱ/ንሳ ምሳኺ ድሕሪ ምምይያጥ ምስኣቶም ርክብ ንምግባር ይ(ት)ኽእል እዩ/ያ።

### ጸብጻባት
ድሕሪ ምብጻሕ ገዛ፣ ስእሊታትን ምኽሪታትን ዘለዎ ውልቃዊ ጸብጻብ-ወለዲ ክትቕበሉ ኢኹም፣ ብድምር ዓሰርተ ግዜ።

ኣብቲ ጸብጻብ-ወለዲ፣ ቆልዓኺ ኣብ ምዕባለ ኣየኖት ስጉምቲታት ገስጊሱ ከምዘሎን፣ ንስኺ ንቆልዓኺ ንምድጋፍ እንታይ ክትገብሪ ከም እትኽእሊን ክትርእዩ ትኽእሊ ኢኺ።

> "ኣበይ እዩ ድሒሩ ዘሎ ጥራይ ዘይኮነስ፣ ልዕሊ ኹሉ ምዕባለ ናይ ቆልዓና ብኣዎንታዊ ኣገባብ ከምዝረኣይ ተገይሩ።"

### መደብ ቶፕ እንታይ ዝኽፈል ወጻኢታት ኣለዎ?
መደብ ቶፕ ንምክትታል ምስኡ ዝተሓሓዙ ዝኽፈሉ ወጻኢታት የለዉን። እዚ ብመሰረታዊ መድሕን ጥዕና ማለት ኢንሹራንስ ክሽፈን እዩ። ካብ ናትኪ ብጽሒት ዝጎድል ኣይኮነን።

### ክትሳተፊ ትደልዪ ዲኺ?
ናብ መደብ ቶፕ ምምዝጋብ ብመንገዲ ፊዝዮተራፒትስ ናይ ቆልዑት ናይቲ ሆስፒታል ወይ ብኻልእ ወሃቢ ክንክን ጥዕና እዩ ዝካየድ።

ንስኺ ባዕልኺ እውን ምስ ናይ ቶፕ ፊዝዮተራፒስት ርክብ ክትገብሪ ትኽእሊ ኢኺ፣ ነዚ ንምግባር ካብ ሓኪም ናይ መወከሲ ደብዳቤ ኣየድልየክን እዩ።

ኣብ መርበብ-ሓበሬታ www.top-eop.nl ኣብ ከባቢኺ ዝርከብ ፊዝዮተራፒስት ክትረኽቢ ትኽእሊ ኢኺ፣ ከምኡ እውን ብዛዕባ እዚ መደብ ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብኡ ይርከብ።

ብዛዕባ መደብ ቶፕ ዝምልከት ፊልም ንምርኣይ፣ ነቲ ኪው.ኣር. ኮድ [QR-code] ስካን ግበርዮ።

### EOP-nl
ሃገራዊ ማእከል ሞያዊ-ፍልጠት ሓገዝ-ምዕባለ መዓልቶም-ከይኣኸለ ንዝተወልዱ ቆልዑት (EOP-nl)፣ ናይ መደብ ቶፕ፣ ከምኡ እውን ምርግጋጽ ናይ ብቕዓትን ሓላፍነት ዝወስድ እዩ። EOP-nl ምስ ኩሎም ትካላት መድሕን ጥዕና ስምምዓት ኣለዎ።

ኩሎም ናይ ቶፕ ፊዝዮተራፒስት፣ ናይ ቶፕ ትምህርቲ ዝወድኡ ምኩራት ናይ ቆልዑት ፊዝዮተራፒስት እዮም፣ ከምኡ እውን ምስ EOP-nl ምትእስሳር ዘለዎም እዮም።

eop-nl

EOP-nl ኣብ ትሕቲ AMC ዝመሓደር ዋኒን እዩ።